# ዘሐፍር የብልናን

ንሃገር ነቒድም ኣብ ደረት ንቃላዕ

ረጊዕና ንምዝን ኣገልፀናን ዋዕዋዕ

ጀህረኛ ንፀልእ ብተግባር ብሓዊ ንፃፋዕ

ክቡር ክብሪ ክነኽብር ኣብ ቅድሚት ንሰራዕ

ምትርኽ ንሕሰም ንሕሉፍ ኣልዒልና

ሆይሆይ ኣይንፎትን ሓሶት እንዳኺሓልና

ብተግባር ንዋሳእ ዓቕሊ ክብሪ ሕላገትና

ሓሳዊ ንፅየፍ ሓቅን ወርቅን ሒዝና

ታሪኽ ምስክርዩ ናይ ትማሊ ውዕሎ

ደፊንካ ዘይድፈን መልዐሊ ዘልዕሎ

ዘፅቀጡ እንተፅቀጡ መሬትናስ ሒዙኣሎ

እምንና ሓመድና ታሪኽ መንኣሎ ዝኽእሎ

ስቕታ ምሽፍፋን ሕዚ እንተሳዕረረ

ዘይፅባሕ ክቕላዕዩ ዓቕሊ ምስቃሓረ

ክሳዕ ማዓስ ስቕታ ግን ታሪኽ እንዳተወረረ

ናቶም እንዳምሰልዎ እንዳፋረኹ ወረ

ደረት የድሊ ኣሎ ልቂነት ከይነግስ

ዓቕኑ ነፍልጦ ክብሪ ውርሲ ከይሃስስ

ሕጊ ዕስራ እምባ ቀይዲ ከይብጠስ

ተታሪኽና ነጉልሕ ዘይታሪኹ ከየውርስ

ብተዋረስ ዘጥረናዮ ጎባጢ ንምክት

ጀህረኛ ነሕፍር ብሂወት ንምጉት

እሂንምሂን ንፈቱ ከይጣሓስ ስሪት

ድሕሪት የማን ፀጋም ንርኢ ንጎይ ንቕድሚት

ዘሕፍር የብልናን ዓዲ ዘይንብትን

ዕዳጋ ኣይወረድናን ብሜትሮ ክንዕቅን
ክብሪ ደረትና ንሕሉ ጉራደ ንስሕል
ትሒትና ንምክት ብጃህራ ኣይንዘልል

ብዙሕ እንተበሉ ርስሓት ክልግቡልና
ማዓር ካብዕረ ንፈሊ ንሕናስ ንሕና ኢና
ሃገር ንብል ሃገር ነድሕን ሓድነት ሓሪና
ሓሳዊ ነሕፍር ንርትዕ ማይን ፀባን ኮይንና

ኣፍ ኣይንዓብስን ወይከ ኣይንጠራጠር
መራግፅና ፅኑዕ ብዋጋ ዕዳጋ ኣይንቕየር
ድሌትና ክንትግብር ብኣፍ ኣይንዝወር
ቃልና ኣይንልውጥ ሓደራ ከይዓብር

ይፍለጡና እምባኣር ብኹሉ ኣይሰነፍናን
ናብ ኩሉ ንጥምት ውራይና ኣይሓደግናን
ንዕወት ንግስግስ ኣለና ደሚና ኣይቀረናን
ፍርያት ንሓፍስ ንድምር ንኾንቱ ኣለፋዕናን

ይኸተሉ ኣለው ወረስቲ ሓደራ
ዕላማ ዝፈልጡ እንዳሓረዩ ኣውራ
ንዋጋ ውርሻ ዘይስዕሮም ጥበራ

ምዓል ኣያታቶም ከይግርፍጥ
ኣስር ከይጠፍእ መንገዲ ከይጉብጥ
ኣለዉ ስሑላት ገጥ ዳኣ ገጥ ገጥ

ብርሃነ እየ

ካብ ኖርዌይ